**ሓጺር ሓበሬታ/ ዕለት 08.2020**

**እንታይ እዩ ቀረብ „መሕረስቲ ስድራቤት ዘባ ሃይንስበርግ“?**

ቀረብ „መሕረስቲ ስድራቤት ዘባ ሃይንስበርግ" ኣካል ናይ'ቲ እዋናዊ ሓገዝ ዘባ ሃይንስበርግ እዩ። ጉጅለ „መሕረስቲ ስድራቤት ዘባ ሃይንስበርግ" ብሓንቲ መሕረሲት ስድራቤት፣ ሓንቲ ናይ ስድራቤት ናይ ቆልዑ ኣለይቲ ሕሙማንን ሓንቲ ክኢላ ማሕበራዊ ስነ-ምምህርናን ዝቖመ እዩ። ስድራቤት በታ መሕረሲት ስድራቤትን ብናይ ስድራቤት ናይ ቆልዑ ኣለይቲ ሕሙማንን ኣብ ቦታኹም ይሕገዙኹም። እታ ክኢላ ማሕበራዊ ስነ-ምምህርና ድማ ነቲ መስርሕ ተወሃሂዶ።

**ንመን እዩ እዚ ቀረብ?**

እዚ ቀረብ „መሕረስቲ ስድራቤት“ ናብ መጸእቲ ወለድን ስድራቤታትን ምስ ቆልዑ ኣብ ቀዳማይ ዓመት፣ ናይ ማሕበራዊ- ስነ-ኣእሙራዊ ወይ ድማ ናይ ጥዕና ጸገማት ንዘለዎምን ዝቐንዐ እዩ።
ስድራቤታት/ወለዲ ክበሃል እንከሎ ማሕበራዊ ወለዲ (ከም ሞግዚት ስድራቤት) እውን ማለት እዩ።

**እንታይ እዩ ክብጻሕ ዝድለ?**

ስድራቤት ዕማማቶም ባዕላቶም ንኽሳልጡ ከም ዝበቕዑ ምግባር እዩ። እንተደኣ ሓጋዚ ኮይኑ፣ ካልኦት ኣዝማድን ምስ ስድራቤት ርክብ ዘለዎምን ከምኡ እውን ሓገዝ ክኢላታት ምጥማር ማለት እዩ።

**ብኸመይ ምሕጋዝ?**

ሰራሕተኛታትና ንስድራቤት ኣብ ገዛ ብምብጻሕ ኣብ ቆጸራታት ይተሓባበሩዎም።
ኣብ ግዜ ነፍሰ-ጾርነት ዕማማቶም እዚ ዝስዕብ እዩ:

- ሓገዝን ተሳትፎን ኣብ ምርመራ ንምግታእ ሕማማት ከምኡ እውን ኣብ ምቅርራብ ሕርሲ ዘወሃብ ስልጠና
- ሓበሬታን ሓገዝን ኣብ ምሽማት ኣድላዪ ናውቲ ሕጻን
- ገንዘባዊ ሓገዝ ንምርካብ ኣብ ዝኣቱ መመልከቲ ምሕጋዝ
- ናብ ተወሰኽቲ ሓገዝ ዝርከቡሉ ቀረባት ምምጻእን ምስናይን፣ ንኣብነት ናብ ኣማኸርቲ ነፍሰ-ጾርነትን ኣተዓባብያን፣መንግስታዊ ቤት ጽሕፈታትን ወይ ሓካይምን

ድሕሪ ሕርሲ ዘለዉ ዕማማት ንኣብነት:

- ምኽርን ሜላታት ምርኣይን ኣብ ኣመጋግባን ሓልዮትን ሕጻን
- ሓገዝ ኣብ መዓልታዊ ዕዮታት ከምኡውን ገዛ ንቖልዓ ምቹእ ምግባር
- ጽቡቕ ርክብ ኣብ መንጎ ቆልዓን ወለድን ምድፍፋእን ምሕጋዝን
- ቆልዓ ከም ዕድመኡ ይምዕብልን ምህላዉ ንዝምልከት ኣስተምህሮን ሓበሬታን
- ኣብ ናይ ወለድን ቆልዓን ኣስተምህሮ ንምስታፍ ዘወሃብ ሓገዝ
- ገንዘባዊ ሓገዝ ንምርካብ ኣብ ዝኣቱ መመልከቲ ምሕጋዝ
- ናብ ተወሰኽቲ ሓገዝ ዝርከቡሉ ቀረባት ምምጻእን ምስናይን፣ ንኣብነት ናብ ኣማኸርቲ ነፍሰ-ጾርነትን ኣተዓባብያን፣መንግስታውያን ቤት ጽሕፈታትን ወይ ሓካይምን
- ሓገዝ ኣብ ምምዝጋብን ምርካብን መዋዕሎ ቆሎዑን ተሓዝቲ ቆልዓን

- ሓገዝ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ከም ብሓድሽ ኣብ ምጽንባር

„መሕረስቲ ስድራቤት ዘባ ሃይንስበርግ" ወዳቢት ሳራ ሲልገንስ
ቴሌ: 02452/135118 ፋክስ: 02452/13-885118 ኢሜይል:sandra.schueren@kreis-heinsberg.de

**ሓገዝ ከመይ እረክብ?**
ስድራቤት፣ ኣዝማድ ወይ ክኢላታት ተሓጋገዝቲ ንወዳቢት ሰራ ሲልገንስ ክውከሱ ይኽእሉ።

☎ 02425/13-5118
ፋክስ: 02452/13-885118
✉ sandra.schueren@kreis-heinsberg.de

እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከም ዝድለ ንምልላይ፣ ሓደ ሓጺር ኣድላይነት ፎርም ምምላእ የድሊ። እዚ ኣቐዲምካ ክምላእን ብፋክስ ወይ ብኢሜይል ክስደድ ይከኣል እዩ። እዚ ፎርም ኣብ **www.fhkhs.de** ብምእታው ክጸዓን ይክኣል እዩ። እቲ ሓበሬታታት ብስቱር ተታሒዙ፣ ኣብ እዋን ዝርርብ፣ ቀረብ „መሕረስቲ ስድራቤት"ዶ ወይስ „እዋናዊ ሓገዝ" የድምዕ ይግምገም።
እንተደኣ እቲ ምዝገባ ብተሓባባሪ ክኢላ ዝቐርብ ኮይኑ፣ እታ ወዳቢት ሓገዝ ክጅምር ምዃኑ ንዕኡ መልሲ ትህበ። እቲ ዝተመልኣ ኣድላይነት ፎርም ብኢድ እታ ኣላዪት ኣቢሉ ናብ ዝምልከታ ሰራሕትኛ ይሓልፍ። ንሳ ድማ ምስ ስድራቤት ተራኺባ ቀዳማይ ቆጸራ ትሕዝ።

**ወጻኢታት፣ ዝጸንሓሉ ግዜን ምውዳእን ምትሕብባር**
እዚ ቀረብ ብፌደራላዊ ትካል ረድኤት „እዋናዊ ሓገዝ" ዝምወል ኮይኑ፣ ንወለዲ ነጻ እዩ።
ሓገዝ ካብ ግዜ ነፍሰ-ጾርነት ክሳብ ምውዳእ ቀዳማይ ዓመት ይወሃብ። እቲ ቀረብ ብድልየት ኮይኑ ኣብ ስድራቤት ኣብ ዝኾነ እዋን ደው ከብልዎ ይኽእሉ።

**ቀረብ „መሕረስቲ ስድራቤት" እንታይ ኣየማልእን?**
እዚ ቀረብ ኣብ ትሕቲ እቲ ልሙድ ሓገዝ መንእሰያት ዝስራዕ ኮይኑ፣ ነቲ ልሙድ መስርሕ ቆልዑን መንእሰያትን ኣይትክእን እዩ። እታ ሰርሕተኛ ናይ ምቁጽጻር ሓላፍነት የብላን።
እታ ሰራሕተኛ ምርመራ ንምግታእ ሕማማት ኣዴታትን ቆልዑን **ኣይምልከታን** እዩ። ንኣብነት ክንክን ሕምብርቲ፣ ቁጽጽር ክብደት፣ ምጥባው፣ ቁጽጽር ጡብን ኩነታትን ምዕቃን ማህጸንን ኣይትገብርን ኢያ።
እዚ ዕማማት በተን ድሕሪ ሕርሲ መዓልታዊ ናብ ገዛ ዝመጻ መሕረስቲ እዩ ዝሽፈን።
እንተደኣ ሰሙናዊ ምትሕብባር መሕረሲት ዘይብልኩም፣ ሓኪም ደቀ-ኣንስትዮ ሕክናዊ ምርመራ ንምግታእ ሕማም ኣደ ይምልከታ/ቶ። ሓኪም ቆልዑ ድማ ንቖልዓ ይከናኸን/ትከናኸን።

**ስቱርነት**
ጉጅለ „መሕረስቲ ስድራቤት ዘበ ሃይንስበርግ" ስቱርነት ክዕቅብ ብሕጊ ይግደድ። ኣብ እዋን ሕደጋ ቆልዓ ግን እዚ ሕጊ ስቱርነት ኣይሰርሕን እዩ። ከምኡ ምስ ዝኸውን ሰራሕተኛታት ብዓንቀጽ 8 a መጽሓፍ ማሕበራዊ ሕጊ (SGB VIII) መሰረት ብዘይ ምድንጓይ ንምዕቃብ ድሕነት ቆልዓ ስጉምቲ ክወስዱ ይግደዱ።